# በርቲዕና ተሓጋጊዝና ትግራይና እንደገና ብሓዱሽ ታሪክ ንኾለዓያ

ርእሰ ምምሕዳር ኣይተ ኣባይ ወልዱ

ኣብ መዛዘሚ መድረኽን ሽልማትን ሲቪል ሰርቫንት ዘሕለፍዎ መልእኽቲ

ካብ መላእ ትግራይ ዝተወፃፅኡ ልዕሊ 1 ሽሕ ሲቪል ሰርቫንት ንኣርባዕተ መዓልትታት ኣብ ሕሉፍን ዝሓዝናዮን መድረኽ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን፤ ኣብ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲን ምይይጥ ኣካይዶም እዮም፡፡ ሎምዓንቲ ኣብ ዝተዛዘመ መጠቓለልን ሽልማት መድረኽን ድማ ኣብ ዝተወልዓ ምንቅስቓስ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ትግራይ ብልጫ ዘለዎም 198 ሲቪል ሰርቫንት ድማ ናይ ገንዘብን ሰርተፊኬትን ሽልማት ተዋሂብዎም፡፡ካብዞም ተሸለምቲ ድማ ዳርጋ ኩሎም መናእሰይ እንትኾኑ ክልተ ኣካል ጉድኣት ተጋደልቲ ስቪል ሰርቫንት እውን ነይሮምዎም፡፡

ዝኸበርኩም ---------------------------------

ዝተከበርኩም --------------------------------

ኣቐዲመ ኣብዚ መበል 10ይ ናይ ስቪል ሰርቪስ በዓል ተሳቲፈ ናይ ኮንፈረንስ ሽልማትኩም ተሳታፉይ ብምዃነይ ዝተሰመዓኒ ሓጎስ ክገልፀልኩም ይፈቱ፡፡



እንኳዕ ናብዚ ኣብፀሓኩም፡፡

ናይ ሐደ ዓዲ ስቪል ሰርቫንት (ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ) ነቲ ስርዓት እዩ ዝመስልን፡፡ ናይቲ ስርዓት ተልእኾ ዝፍፅም መሳርሒ እዩ፡፡ ዝሓለፉ ስርዓታት ሃ/ስላሴን ደርግን ነቲ ናቶም ዕላማ ፖሊሲን ስትራተጂን መፈፀማይ ብምግባር'ዮም ዝጥቀምሉ ኔሮም፡፡ ክልቲኡ ስርዓታት ፀረ-ዲሞክራሲ ስለዝነበረ ነዚ ዘተግብርዩ ነይሩ፡፡ ኣብዚ እዋን ሰናይ ምምሕዳር ዝብሃል ነቲ ኣብዝሓ ህዝቢ ኣይነበረን ኣድልዎ ብወገንነት መሳርሕ ብስሩ ተፈጥሮ እቲ ስርዓታት እዩ ነይሩ፡፡ ጉቦ ኣብ እዋን ሃ/ስላሴ ብስሩ ቕቡል ኣሰራርሓ'ዩ ነይሩ፡፡ ኢድ መንስኢ'ኳ ዘየምፃአ ደፋር እዩ ዝበሃል ነይሩ፡፡ ብደርግ ጊዜ ድማ ፍትሒ ዝብሃል ኣይነበረን ኩሉ ነገር ብሓይሊ'ዩ ነይሩ ከይትግረፍ ከይትቕተል ጉቦ ትኸፍለሉ ኔይሩ፡፡ ስለዘይ እቲ ናይ መንግስቲ ቢሮክራሲ ነዚ ፀረ ዲሞክራሲ ስርዓት ከገልግል ዝግደደ'ዩ ነይሩ፡፡ እንተኣብዩ'ዉን ንባዕሉ'ዉን እታ ውቅዒት ይረኽባ፡፡

እዚ ከምዙይ ዝበለ ስርዓት ቀስ ብቀስ ህዝቢ እናመረሮ እቲ ስቪል ሰርቫንት'ዉን ትምህርቲ ስለዘለዎ ነቲ ስርዓት እናፀልኦ ይኸይድ'ሞ ቃልሲታት ይለዓሉ፡፡ ፀረ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ይፈርሱ፡፡

ኣብ ኢትዮጵያ ትግራይ ዝነበረ ኩነታት ከምዙይ ስለዝነበረ ቃልሲ ፀረ-መስፍንነት ፀረ ደርግ ተላዓዒሉ ብዙሕ መስዋእቲ ተኸፊሉ እቲ ድሑር ስርዓት ፋሽሽትነትን ተሳዒሮም

እዚኦም ተሳዒሮም ትፅቢት ዝግበር ሰላም ክህሉ ዲሞክራሲ ክህሉ ሰናይ ምምሕዳር እናተረጋገፀ ክኸይድ ልምዓት ክህሉን በቢደረጃኡ ህዝቢ ተጠቃሚ ዝኾነሉ ኩነታት ምፍጣር ይኸዉን፡፡

እዚኦን ክረጋገፃ እቲ ስቪል ሰርቫንት ዘይትካእ ግደ ኣለዎ፡፡ ካብቶም ዘይትክኡ ናይ ለውጢ ሓይልታት ሓደ እዩ፡፡ ውድብ ህዝቢ መንግስቲ ስለዝኾነ ነቲ ናይቲ ስርዓት ዓላማን ፖሊሲን ስትራተጂን ክኣምነሉ ንዑዑ ስለዝጠቅም ከተግብሮ ክግበር ኣለዎ፡፡ ሓደሽቲ ናብቲ ስቪል ሰርቫንት ዝፅንበሩ'ዉን በተሓሳሰባን ተወሳኺ ናይ ሙያ ክእለት ስልጠናታት ዝረኽብሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ፡፡

በዚ መሰረት ነቲ ሓዱሽ ናይ ልምዓት ዲሞክራሲን ሰላም ስርዓት ከገልግሉ ኣለዎም፡፡ መስርሒ ኮይኖም ለውጢ ከምፅኡ ኣለዎም ስለዙይ ሎሚ'ዉን ነቲ ስርዓት ከገልግሉ ኣለዎም እዚ ስርዓት ናይ ህዝቢ ስርዓት ስለዝኾነ ንህዝቢ ብሙሉእ ልቢ ከገልግሉ ኣለዎም፡፡

እዚ መሰረት ተጌሩ ስቪል ሰርቫንትና ኣዐርዩ ዝበዝሕ ነቲ ስርዓት ዝድግፍ ነቶም ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ዝኣምነሎም እዩ፡፡ ኣዐርዩ ዝበዝሕ ስቪል ሰርቫንት ካብቲ ድኻ ህዝቢ ዝወፀ ድኽነት ክጠፍእ ዝደሊ'ዩ ኣዐርዩ ዝበዝሕ ስቪል ሰርቫንት ሓዱሽ ወለዶ መንእሰይ'ዩ ብም኿ኑ ኣብ  ትግራይ ዝመፅእ ዘሎ ለውጢ ንሱ ዝፀዓረሉ ለውጢ'ዩ፡፡

ኣብ ገጠር ኣብ ብርክት ዝበለ ግንባራት (ሕርሻ ፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ) ናይ ልምዓት ሰራዊት ተፈጢሩ እዩ፡፡ ንኩለ መዳያዊ ሰራዊት ህንፀት'ዉን ዓብይ ምንቅስቓስ ይግበር ኣሎ፡፡ ነዚ ህንፀት ክመፅእ ሓደ ክንፊ ናይ ለውጢ ብምዃን ስቪል ሰርቫንትና ተረባሪቡ'ዩ፡፡ ብዘይካ ናቱ ዘይትካእ ተራ እዚ ለውጢ ኣይምመፀን፡፡

ኣብ ከተማ'ዉን ነቲ ክራይ ኣካቢ ፖለቲካ ኢኮኖሚ ንምቕያር ኣብ ድኣንት መባእታዊ ል/ሰራዊት ኣብ ምፍጣር ኣብ እቶት፣ ንግዲ ዝረኣይ ዘሎ ለውጢ ኣብ ኢንቨስትመንት ዝረኣይ ዘሎ ለውጢ፣ እቲ ዘየስርሕ መሓውር ንምልዋጥ ዝግበር ዘሎ ለውጢ እቲ ስቪል ሰርቫንት ዘይትካእ ተራ እናተፃወተ እዩ፡፡

ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ግልጋሎት ኣዋሃህባ ናይ ፍትሒ ኣካላት ዘዕግብ ቕልጡፍ ፍትሒ ኣብ ምሃብ ዝነበረ ጉድለት ናይቲ ስቪል ሰርቫንትና ጉድለት'ዉን'ዩ ኢሉ ሰፊሕ ናይ ገምጋም ምፅራይ ስራሕቲ ተሰሪሖ ተስፋ ዝህብ ምምሕያሽ ተራእዩ ኣሎ፡፡ ህዝቢ…… ፅቡቕ ጅሚርኩም ኣለኹም ቐፅሉ፣ ንስኹም ደቅና ተዘይኣገልጊልኹምና ድኣ ኣብ መን ክንረኽቦ ተስተኻኸሉ ንሕና'ዉን ክንሕግዝ ኢና ኢሉ ኣሎ፡፡ እዚ ለውጢ'ዉን ናይ ስቪል ሰርቫንት ምርብራብ ዘምፅኦ ለውጢ እዩ፡፡

ስቪል ሰርባቫንትና በታ ተልእኹኡ ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ስለዝሰርሕ ኣብ ልምዓት ዓብይ ለውጢ መፂኡ ኣሎ፡፡ ዕብየት ኢኮኖሚና ን 12ተ ዓመታት 10.9% ዓብዩ እዩ፡፡ ድኽነት ካብ 75 % ናብ 48 % - 23.4 % ወሪዱ እዩ ፡፡ ስራሕ ስእነት ናብ 17 % ወሪዱ እዩ፡፡ ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ ትሕቲ 0.5% እትትኸውን ጥዕና ዘለዎ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ ናይ ሀገርናን ክልልናን ድማ 0.3 % ብምኻኑ እቲ ኣብ ዓለምና ዝሓሸ ተባሂሉ ዝስራዕ ምኻኑ ዓለም ለኸ ትካላት ተይተረፈ ዝመስከርኦ እዩ፡፡ ብመሰረታዊ መዓቀንታት ብጥዕና ሞት ኣዴታት ናይ ሚሊኔም ሽቶ ተበፂሑ'ዩ፡፡ ኣብ ትምህርቲ ናይ ሚሊኔም ሽቶ ተዓዊቱ'ዩ፡፡ ድርቂ ክንፃወር ጀሚርና ኣለና፡፡ ኣብ ኢንቨስትመንትን ኣግሮ ኢንዱስትሪን ፅቡቕ ጅማሮ ኣሎ፡፡ ሰናይ ምምሕዳር ከምታ ዝጀመርናያ ጠቢቕና ተኸይድና ዓብይ ለውጢ ክመፅእ እዩ፡፡ ሕዚ ፅቡቕ ለውጢ ተጀሚሩ ኣሎ፡፡



ክቡራትን ክቡራንን

ኣብዚ ማዓልቲ ስቪል ሰርቫንት - ስቪል ሰርቫንትና እቲ ኣዐርዩ ዝበዝሕ ዕላማ ፖሊሲን ስትራተጂን ኣሚኑ ብውፍይነት ብብቕዓት ኣብዝኾነ ህዝቢ ዘለዎ ከባቢ ተዋፊሩ ስለዝሰርሐ እዚ ለውጢ መፂኡ ኣሎ፡፡ ነዚ ለውጢ ዘምፅኡ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ካብዚኦም ፈሊኻ እቶም ፀብለልታ ዘለዎም ምሽላም ግቡእ እዩ ዝብል ኣልና ስለዝኾነ እዚ መፂኡ ዘሎ ለውጢ ሳላኹም ዝመፀ ለውጢ ስለዝኾነ ኣንቱም ኣብዚ መድረኽ ዘየለኹም ንፉዓት ሰራሕተኛታትን ኣብዚ ከም መርኣያ ንሽልማት ዝቐረብኩምን እንኳዕ ኣሓጎሰኩም ክብለኩም ይፈቱ፡፡ ህዝቢ ብኣኹም ሕጉስ'ዩ፡፡

ካልኦት ክሳብ ሕዚ ናብ ሽልማት ዘይበቓዕኩም ድማ ንህዝቢ ትግራይ ምግልጋል ክብሪ'ዩ፡፡ ንህዝቢ ብምግልጋል ናይ መንፈስ ዕረፍቲ ክረክብ ኣለኒ ልምዓት ከቀላጥፍ ኣለኒ ካብኡ ንባዕለይ'ዉን ክጥቀም እየ ኢልና ከምቶም ንፉዓት ክንኸዉን ኣለና ካብዞም ንፉዓት ክትመሃሩ ኣለኩም፡፡ ዘይከኣል ጉዳይ ኣይኾነን ቁርፀኝነት ምጉዳል ንውልቅኻ ምሕሳብ ዓቕምኻ ዘይምዕባይ ዝወለዶ ክኸዉን'ዩ፡፡ ነዚ ፈንፂሕና ንውፃእ፡፡ ትግራይና ዓዲ ርኡይ ልምዓት ዓዲ ሰናይ ምምሕዳር ንግበራ ኢልና ንሃልኽ፡፡ ዝሓለፉ ታሪኻትና ሕዚ'ዉን ታሪኽ ክንሰርሕ ከምንእኽእል ዘረጋግፁልና እዮም፡፡

ክቡራትን ክቡራንን

ኣብዚ መበል 10 ይ ዓመት መዓልቲ ስቪል ሰርቫንት ሰፊሕ ምክክር ተጌሩ'ዩ፡፡ ጥንካረን ጉድለትን ተራእዩ'ዩ፡፡ እዚ መሰረት ብምግባር መላእ ስቪል ሰርቫንት በቢደረጃኡ እናተረዳድአ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳር ከምዘምፅእ ሙሉእ ተስፋ ኣለና፡፡ መንግስቲ ድማ ንስቪል ሰርቫንት ኣብ ኣተሓሳስባን ሙያን ዘሎ ክፍተት ንምምላእ ነንባዕሉ ዝመሃረሉ መድረኻት ሂወት ክህልወን ክገብር'ዩ፡፡ ኣብ መነባብሮኡ ዘሎ ሽግር ዓቕሚ መንግስቲ እናተርኣየ ናይ መንበሪ ገዛ ፀገም ብመምህራን ጀሚሩ ደረጃ ብደረጃ ክፍታሕ'ዩ፡፡ ምስ ሰራሕተኛ መንግስቲ ቀፃሊ ምኽኽርን ምትሕግጋዝን እናገበረ ክድግፍ እዩ፡፡ ስለዝኾነ በርቲዕና ተሓጋጊዝና ትግራይና እንደገና ብሓዱሽ ታሪክ ንኮለዓያ፡፡







ክብርን ሞገስን ንስውኣትና

˝ንህዝቢ ምግልጋል ክብሪ'ዩ˝